# ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብ ዞባታት ደቡብን ዓንሰባን ልዕሊ 3 ሽሕ ዘኽታማት ከጣይስ እዩ።

---------------- 00 -------------------

ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብ ዞባታት ደቡብን ዓንሰባን ንልዕሊ 3ሽሕ ዘኽታማት ከጣይስ ምዃኑ ብ27ን 28ን ሰነ ኣብተን ዞባታት ንኣገባብ መደባት ምጥያስ ዘኽታማት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት ተገሊጹ።

ኣብቲ ኣብ ዞባ ደቡብ፡ መንደፈራ፡ ዝተገብረ ኣኼባ፡ ቅድሚ ሕጂ ማለት ካብ 1992 ክሳብ 1998 ኣብቲ ዞባ ን11,220 ዘኽታማት ንዝኣልያ ልዕሊ 7ሽሕን 500ን ስድራቤት፡ ወርሓዊ ናይ 150 ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ብምሃብን ኣብ ነኣሽቱ ሽቐጣት ወይውን ኣብዑር ብምግዛእ ኣብ ማሕረስ ከምዝዋፈሩ ብምግባር ከምዝተጣየሱ ተፈሊጡ። ነዚ መደብ ምጥያስ ዘኽታማት ድማ ልዕሊ 4.5 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ተገይሩ።

እንተኾነ እቲ ወርሓዊ ዝወሃብ ናይ 150 ናቕፋ ገንዘባዊ ደገፍ፡ ኣብ ነፍስ ወከፍ ዘኽታማት ዝኣልያ ስድራቤት ናይ ተጸባይነትን ምጽወታን መንፈስ ስለዘሕደረን ኣብ ሕብረተሰብና ዝጸንሐ ዘኽታማት ናይ ምእላይ ልዑል ልምዲ ስለዘህሰሰን፡ እቲ መደብ ምጥያስ ብመሰረት ምርጫ ኣለይቲ፤ ኣብ መፍረ ጥሪት፡ ማሕረስን መጠነ ንኡስ ንግድን ከምዝዋፈሩ ብምግባር ይካየድ ከምዘሎ ኣብቲ ኣኼባ ተገሊጹ።

በዚ ሓድሽ ኣገባብ ድማ፡ ኣብቲ ዞባ ንልዕሊ 2,500 ዘክታማት ዝኣልያ 1ሽሕ ስድራቤታት ክጣየሳ እየን።

ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ 1999 ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣስታት 17 ሽሕ ዘኽታማት ምህላዎም ከምዝተረጋገጸ ልኡኽ ኣገልግሎት ዜና ዞባ ደቡብ ሓቢሩ።

ኣብቲ ንምጥያስ ዘኽታማት ኣመልኪቱ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሰመረ ይብይን ኣብ ዘሰምዖ መደረ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኩነታት ቆልዑ ኣብ መደባት ጥዕና፡ ትምህርትን ኣመጋግባን ንምምሕያሽ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ዝትግበር ናይ 49 ሚልዮን ዶላር በጀት ሰሊዑ፡ መደባት ክትግብር ከምዝጀመረ ገሊጹ።

እዚ መደብ ምጥያስ ዘኽታማት ሓደ ኣካል ናይቲ ዓቢ ፕሮጀክት ምዃኑ ብምምልካት ድማ፡ ነዚ መደብ ንምዕዋት ዝምልከተን ሚኒስትሪታትን ህዝብን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ጸዊዑ።

ብተመሳሳሊ፡ብ27 ሰነ ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ኣብዚ ዓመትዚ ኣብ ዞባ ዓ ንሰባ 500 ዘኽታማት ክጣየሱ ምዃኖም ተመልኪቱ።

ብመሰረት ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብ 1998 ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ዞባ ልዕሊ 5,300 ዘኽታማት ኣለዉ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ንኩነታት ቆልዑ ኤርትራ ፡ መደብ ምጥያስ ዘኽታማትን ኣገባብ ትግባረኡን ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከምኡውን ኣብ ትግባረ መደብ ምጥያስ ንዘጋጥሙ ጸገማት ዝገልጹ ጽሑፋት ቐሪቡ፡ ተሳተፍቲ ሰፊሕ ምይይጥ ኣካይዶምሉ ።

ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ዝተፈላለያ ኣካላት ዝተዋጽኣ ኮሚቴታት ምጥያስ ዘኽታማት ክሳብ ብደረጃ ዓዲ ክቖማ፤ ኣብ ግዜ ምዝገባ ዘክታማት፡ ዝምልከቶ ህዝቢ ብሙሉኡ ንሕበሮ፤ ኣቐዲሞም ዝተጣየሱ ዘኽታማት ኣብ ከመይ ደረጃ ከምዝርከቡ ክግምገምን ተመክሮ ክቕሰምን ካልእን ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

******ኣዜኤ******